# *ኣመለኛ ኩዳዕ ጉድካ ይቀላዕ*

*ኣብ ተመኩሮና ንሰውራ ኤርትራ ከጥፍኡን ንህዝብና ክበታትኑን ታሪኽ ገድሊ ኤርትራ ዘይምስሉ ከትሕዙ ቅድሚ የማነ ተኽለገርግሽ ከድዓት ውልቀሰባት ነይሮም እዮም።*

*ንኣብነት ኣብ 1986 ዓ/ም መድሃኔ ተስፋጽዮን ብረት ሰውራ ኤርትራ ቀልቀል ኣፉ ደፊኡ መጽሓፍ ጽሒፉ ከም ዝነበረ ዝፍለጥ እዩ።*

*ሰናይት መሓሪ ድማ ኣብ 2007 ንኤርትራ ዘይምስላ ብምሃብ ብመጽሓፍ ጥራሕ ዘይኮነ ብፊልም ሰኒዳ ከም ዝነበረት ዝዝከር እዩ። ሓሶት ሓሶት ምዃኑ ስለ ዘይተርፎ ገንዘቦም ከሲሮም ጥራሕ ዘይኮነ ብድሕሪኡ ኩሉ ሰብ ከም ድኑ ህበይ ድሂልዎም ፎእ ኢልዎም ክሳብ ሕጂ ሃለዋቶም ኣይፍለጥን።*

*ናይ ገንዘብ ዕሱብ የማነ ተኽለገርግሽ (ኢብራሂም ዓሰል) እዚ'ውን ካብ'ዞም ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለው ከድዓት ብዘይፍለ ኣብ 1987 ኣለው ዝተባህሉ ውፍያት ኣባላት ኩማንዶ ኣብ ዋረ-ሮብለ ጥቓ ድረዳዋ ምስ ቀረቡ ዝነበሮም ዕላማ ኣየርፖርት ድረዳዋ ነበረያነበረ ንምግባር ናይ ሰዓታት ተሪፍዎም ኣብ ዝነበርሉ ግዜ ኩዳዕ የማነ ተኽለገርግሽ ዕላምኡን መትከሉን ብምሻጥ ነቲ ዝነበረ ውጥን ኣፍሺሉ ነቶም ካብ ሜዳ ዝተላእኩ ውፍያት ኣባላት ኩማንዶ ነቲ ፍጻሜ ክተግብሩ ዝተበገሱ ብጾቱ ከዲዑ ኣብ ኢድ ናይ'ቲ ግዜ'ቲ ናይ ኢትዮጵያ ኣማኸርቲ ዝነበሩ ሶቭዮትየውያንን ምብራቕ ጀርመንን ኣሕሊፉ ብምሃብ ዘይሓሰብዎ ኣብ ከቢድ ናይ ኢድ ብኢድ ኲናት ምስ 2ተ ክፍለ ሰራዊት ኢትዮጵያ ገጢሞዎም። እቶም 19 በጃ ህዝብን ሃገርን ክስውኡ እንከለው እቶም 2ተ ኣባላት ኩማንዶ ግን ካብ ብሱል ጥረ ኣምሊጦም ድሕሪ 6ተ ወርሒ ኮለል ኢሎም ናብ ብጾቶም ንሜዳ ኤርትራ ኣትዮም። ስለዚ ኩዳዕ የማነ ተኽለገርግሽ ሂወት ናይ እዞም ጀጋኑ ጥራሕ ዘይኮነ መግዛእቲ ንምሕጻርን መስዋእቲ ንምውሓድ ንዓመት ዝተደኸሞ ውጥን ውድብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዘፍሸለ ዕሉል ኩዳዕ ዕሱብ ደርግ ዝነበረ እዩ።*

*ሎሚ'ውን ከም ኣመሉ ዕሱብ ናይ ወያነ ብምዃን ካብ ሓለፍቲ ወያነ ማእሊያ ዘይብሉ ዶላር ዝሸረፍ ዘሎ ዕሉል ኣገልጋሊ ወያነ እዩ።*

*መዓስ ኣበይ ምስ መን ሓለፍቲ ወያነ ይራኸብ ከምዘሎ ድማ ካብ ዓይኒ ህዝብን መንግስቲ ኤርትራ ዝተኸወለ ኣይኮነን።*

*መስተንክርን ጀግንነትን ታሪኽ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ክሳብ ሕጂ ዓለም ብዓለሙ ዝዛረበሉን ዝምስክለሉን ዘሎ ስለ ዝኾነ ብመጽሓፍ ኩዳዕ የማነ ተኽለገርግሽ ስክፍታ ሃልዩና ኣይኮነን።*

*እንተኾነ ግን ናይ ከደዓት መጻሕፍቲ ከምቲ ናይ መድሃኔ ተስፋጼንን ሰናይት መሓርን ክሸየጥን ክንበብን ከምዘይብሉ ጥራይ ዘይኮነ እዚ ጽሑፍ እዚ ንታሪኽን ምስልን ህዝቢ ኤርትራን ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራን ዘቈናጽብ ስለ ዝኾነ ክንገዝኦስ ይትረብ ስም እታ መጽሓፍ ምስማይ'ውን እንተኾነ ብመትከል ክንቃወሞ ይግብኣና።*




*ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና*

*ዓወት ንሓፋሽ*

*ተስፋይ ጀርመን*